1st current copy

# ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ
## ብመንግስቲ ኤርትራ ዝሕተም

ቅጺ 11/2002 ቁ.2 ኣስመራ ጥሪ 22/2002 ዋጋ ናቕፋ 15.00

ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 53/2002
ንወኪላት ምጽራይን ምስላጥን ጉምሩክ ዚምልከት ሕጋጋት
ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 54/2002
ሕጋጋት ምሕባር እታዋት ኣቕሑ
ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 55/2002
ንኣታሓሳስባ እታዋት ኣቕሑን ኣከፋፍላ ግብርን
ቀረጽን ዝምልከት ሕጋጋት
ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 56/2002
ሕጋጋት ቡስጣ ግምሩክ
ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 57/2002
ሕጋጋት ኣቅሑ ሰደድ
ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 58/2002
ሕጋጋት መዛግብ ኣእተውቲ
ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 59/2002
ሕጋጋት ምጉዓዝ ኣቕሑ
ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 60/2002
ሕጋጋት ምምልላስ ኣቕሑ ትራንዚት

RDC
1

# GAZETTE OF ERITREAN LAWS
## PUBLISHED BY THE GOVERNMENT OF ERITREA

VOL.11/2002 No.2 Asmara, January 22/2002: Price Nakfa 15.00

Legal Notice No. 53/2002
CUSTOMS CLEARING AND FORWARDING
AGENTS REGULATIONS
Legal Notice No. 54/2002
REPORTING OF IMPORTED GOODS REGULATIONS
Legal Notice No. 55/2002
ACCOUNTING FOR IMPORTED GOODS AND PAYMENT
OF DUTIES AND TAXES REGULATIONS
Legal Notice No. 56/2002
CUSTOMS MAIL REGULATIONS
Legal Notice No.57/2002
EXPORTED GOODS REGULATIONS
Legal Notice No.58/2002
IMPORTER'S RECORDS REGULATIONS
Legal Notice No.59/2002
TRANSPORTATION OF GOODS REGULATIONS
Legal Notice No.60/2002
IN-TRANSIT SHIPMENTS REGULATIONS

## ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 60/2002

# ሕጋጋት ምምልላስ ኣቕሑ ትራንዚት

1. ሓጺር ኣርእስቲ

እዚ ሕጋጋት'ዚ "ሕጋዊ ምልክታ ምምልላስ ኣቕሑ ትራንዚት ቁጽሪ 60/2002" ተባሂሉ ኪጥቀስ ይከኣል።

2. ትርጉም

ኣተኣታትውኦም ካልእ ትርጉም ዘውህቦም እንተዘይኮይኑ ኣብ'ዚ ሕጋጋት'ዚ፦

"ዋና ብዓል መዚ ጉምሩክ"ማለት ነቲ ከባቢ ወይ ቦታ ናይ ዜገልግል ቤት ጽሕፈት ጉምሩክ ወይ ኣብያተ ጽሕፈት ኣካያዲ ስራሕ ማለት ኢዩ።

"ትራንዚት" ማለት ናይ ወጻኢ ኣቕሑ ካብ ሓደ ቦታ ወጻኢ ካብ ኤርትራ ናብ ካልእ ነቑጣ ወጻኢ ካብ ኤርትራ ብግዝኣታዊ ክሊ ኤርትራ ብቦንድ (ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ጉምሩክ) ምሕላፍ ማለት ኢዩ።

"ኣዋጅ" ማለት ኣዋጅ ጉምሩክ ቁጽሪ 112/2000 ማለት ኢዩ።

## 3. ናይ ኣቕሑ ትራንዚት ኣተሓባብራ

(1) ብኤርትራ ብትራንዚት ናይ ዚሓልፉ ኣቕሑ ሓበሬታ ብቐጥታ ብመሰረት ዓንቀጽ 13 ናይ ኣዋጅ ኣብ'ቲ ዝቐረበ ንስራሕ ክፉት ዝኾነ እተረቑሐ ቤት ጽሕፈት ጉምሩክ ብጽሑፍ ይቐርብ።

(2) ብኤርትራ ብትራንዚት ዚንቀሳቐሱ ኣቕሑ በቲ ኣብ መወዳእታ ዚበጽሑዎ ቦታ እተመልከተሉ ሰነድ ምቁጽጻር ጽዕነት ንቤት ጽሕፈት ጉምሩክ ይሕበሮ'ሞ፣ ኣቕሑ ብኤርትራ ምሕላፍ ቅድሚ ምጅማሮም ዝኾነ ዚግባእ ክፍሊት ይኽፈለሎም።

## 4. ናይ መኽዘኒ ግዜ ደረታት

(1) ኣቕሑ ትራንዚት ካብ ድሕሪ'ታ ኣብ ትሕቲ ዓንቀጽ 13 ናይ ኣዋጅ እተሓበሩላ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ቤት ጽሕፈት ጉምሩክ እንተዘይተወሲዶም፣ እዚ ጊዜ'ዚ ብዝተወድአ፣ ኣቕሑ ብሃገረ ኤርትራ ይውረሱ።

(2) ተበላሸውቲ ኣቕሑ ትራንዚት ካብ'ታ ኣብ ትሕቲ ዓንቀጽ 13 ናይ ኣዋጅ እተሓበሩላ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ 4 መዓልታት ካብ ነቑጣ ጉምሩክ እንተዘይተወሲዶም፣ እዚ ግዜ'ዚ ብዝተወድአ፣ ኣቕሑ ብሃገረ ኤርትራ ይውረሱ።

(3) ብጉምሩክ ወይ ብዝኾነ ካልእ ክፍሊ ናይ መንግስቲ ብእተፈጥረ ምድንጓያት ምኽንያት ኣብ ውሽጢ'ቲ እተኣዘዘ ገደብ ጊዜ ዘይተወስዱ ኣቕሑ ትራንዚት፣ እቲ ኣብ ንኡስ-ዓንቀጽ (1)ን(2)ን ናይ'ዚ ዓንቀጽ'ዚ እተመልከተ ግዜ ብዝሓለፈ፣ ብሃገረ ኤርትራ ኣይውረሱን።

(4) ንወጻኢ ካብ ንኤርትራ እተሓሰቡ ኣቕሑ ትራንዚት ንድንጋጋት ናይ'ዚ ሕጋጋት፣ ናይ ኣዋጅን ዝኾነ ካልእ ሕግታት ኤርትራን ብምምእዛዝ ኣብ ኤርትራ ኣብ መዓላ ንኪውዕሉ ክኣትዉ ይኽእሉ።

5. ትሕጃ (ውሕስነት)

(1) ኣቕሑ ትራንዚት ብኤርትራ ዜግዕዝ ወይ ከምዚግዕዝ ዚገብር፣ ነፍሲ ወከፍ ሰብ፣ ንምግዕዓዝ ናይቶም ኣቕሑ ብዝምልከት፣ እዚ ሕጋጋት'ዚን ኣዋጅን ምስ ዚሓቱዎ ጠለባት ምስምምዑ ንምውሓስ ኣብቲ ናብ ኤርትራ መእተዊ ነቑጣ ትሕጃ (ውሕስነት) የትሕዝ።

(2) ኣብ ትሕቲ ንኡስ ዓንቀጽ (1) ናይ'ዚ ዓንቀጽ'ዚ እተዋህበ ትሕጃ በዚ ዝስዕብ መልክዕ ይኸውን፡-

(ሀ) ብጥረ ገንዘብ፣ ወይ
(ለ) ዉሑስ ቸክ፣ ወይ
(ሐ) ብሚኒስተር ፋይናንስ ብዝጸደቖ ቦንድ

(3) ብኤርትራ ዚንቀሳቐሱ ኣቕሑ ኩሎም
ብመሰረት'ቲ ንምግዕዓዝ ኣቕሑ ዚቆጻጸር ኣዋጅ
ጉምሩክን ዝኾኑ ካልኦት ሕግታትን ይኸውን።

6. ተዓዳይነት ናይ ኣግዓዚ ኣቕሑ

ኣቕሑ ካብ ኤርትራ ክምዚወጹ፡ ዋና በዓል መዚ ጉምሩክ ንጉምሩክ ኣዕጋቢ ዝኾነ ጭብጢ ክሳብ ዚረክብ፡ ኣብቶም ኣቕሑ ናይ ዚስላዕ ቀረጽ ተሓታቲ እቲ ናይ ኣቕሑ ኣመላላሲ(ኣግዓዚ) ይኸውን። እቶም ኣቕሑ ናይ ትራንዚት ጉዕዞ ካብ ዝጀመሩሉ ግዜ ኣብ ውሽጢ 60 መዓልታት ኣመላላሲ ኣቕሑ ክምኡ ከይገበረ ምስ ዚተርፍ፡ እቲ ተዋሓሲ ኩባንያ ዓሚሉ እተኣወደ ቀረጽ ኪኸፍል፡ ወይ ካልእ መልክዓት ትሕጃ(ውሕስነት) ክከምኣተገባብርኡ ኣታዊ ኪኸውን ይሕተት። ብተወሳኺ፡ ነቲ ኣመላላሲ (ኣገዓዓዚ) እተዋህበ ብቦንድ ናይ ምስራሕ ሓለፋ ኪሰሓብ ይከኣል።

7. ሕጋጋት ኣብ ግብሪ ዚውዕለሉ ዕለት

እዚ ሕጋጋት'ዚ ኣብ ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ ተሓቲሙ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

ኣስመራ ጥሪ 22/2002

ብርሃነ ኣብርሀ
ሚኒስተር ፋይናንስ

## Legal Notice No. 60/2002

# IN-TRANSIT SHIPMENTS REGULATIONS

**1. Short Title**

These Regulations may be cited as the "In-Transit Shipment Legal Notice No. 60/2002"

**2. Definitions**

In these Regulations, unless the context otherwise requires:

"chief officer of customs" means the manager of the customs office or customs offices that serve that area or place;

"in-transit" the in-bond movement of foreign goods through Eritrean territory from a point outside Eritrea to another foreign point;

"Proclamation" means Customs Proclamation No. 112/2000

**3. Report of In-Transit Goods**

(1) Goods that are entering in-transit through Eritrea shall be reported straightaway under Article 13 of the Proclamation in writing at the nearest designated Customs office that is open for business.

(2) Goods moving in-transit through Eritrea must be reported to customs on a cargo control document that indicates the final destination of the goods and pay any fees and charges applicable before the shipment proceeds through Eritrea.

**4. Time Limits for Storage**

(1) In-transit goods that have not been removed from the customs office within 30 days after the day they were reported under Article 13 of the Proclamation are forfeited to the State at the termination of that period of time.

(2) In-transit perishable goods that have not been removed from the customs station within 4 days after they were reported under Article 13 of the Proclamation are forfeited to the State at the termination of that period of time.

(3) In-transit goods that have not been removed within the prescribed time because of delays caused by customs or any other government department are not to be forfeited to the State at the termination of the period of time indicated in sub-article (1) and (2) hereof.

(4) In-transit goods originally destined for a foreign point may be entered for use in Eritrea subject to the provisions of this Regulation, the Proclamation and any other laws of Eritrea.

**5. Security**

(1) Every person who transports or causes to be transported in-

transit goods through Eritrea shall give security at the point of entry into Eritrea to secure his compliance with the requirements of the Proclamation and the regulations respecting the transportation of the goods.

(2) The security given under sub-article (1) hereof of this Article shall be in the form of;

(a) cash; or

(b) a certified cheque; or

(c) a bond approved by the Minister of Finance.

(3) The movement of goods through Eritrea shall be subject to the Customs Proclamation and any other laws that regulate the transportation of goods.

**6. Liability of the Transporter**

The transporter is liable for the duties owing on the goods until the chief officer of customs has been provided with evidence satisfactory to customs that the goods have left Eritrea. Failure to do so within 60 days from the time the goods start the in-transit journey will result in a demand to the surety company for payment of the duties owed or the cashing in of other forms of security, as applicable. In addition, all in bond privileges of the carrier may be withdrawn.

## 7. Effective Date

These Regulations shall come into force on the date of their publication in the Gazette of Eritrean Laws.

Done at Asmara, this 22nd day of January, 2002

Berhane Abrehe
Minister of Finance